# ኣበርክቶ ኤርትራዊ ንዓለምና!

ብበረኸት ጸጋይ




*እቲ መሃዚ ተኽሊት ስብሃቱ*

*እቲ'ካ ትማሊ ስደተኛ ዝነበረ ሰብ፣ ሎሚ ከምዚ ዝበለ ኣብ ስራሕ ህንጻት ዓለምና ልሉይ ዝኾነ ርኽበትን ኣበርክቶን ክገብር ዝኸኣለ ኤርትራዊ እንታይ ምስጢር ስለዘለዎ'ዩ፧ ናይ ብዙሓት ሕቶ ኮይኑ ዘሎ ኢዩ።*

**ተኽሊት ስብሃቱ** ይበሃል! - መሃዚ **ኳድሳው** (QUADSAW) እትበሃል መሳርሒት ኢዩ። ኣብ ሓደ እዋን ብኣርባዕተ መኣዝን እትቖድድ ኣብ ዓለምና ከምዚኣ ዝበለት መሳርሒት ክትመሃዝ ናይ ፈለማ'ዩ። ኳድሳው፡ ንሰፈር ሳንዱቖ ናይ ኤለክሪክ ኣብ መንደቕ እትቖድድ ምስ መሳርሒታት ህንጻ እትስራዕ ኢያ። በዚ ከኣ ተኽሊት ንስርሑን ንብቕዓቱን ዘረጋግጽ ሰለስተ መሰል ዋንነት ምህዞ ዝረኸበ ሰብ ኰይኑ ኣሎ።

ተኽሊት ካብ ኣስመራ 45 ኪሎ ሜተር ርሒቓ ኣብ ጥቓ ከተማ ደቀምሓረ እትርከብ ዓዲ ጎልጎል እትበሃል ቦታ ካብ ብሕርሻን ጀርዲንን ዝነባበሩ ቤተሰብ ኢዩ ተወሊዱ። ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክረክብ ኣይከኣለን። ክሳብ ወዲ 11 ዓመት ዝኸውን ከኣ ንእስነቱ ኣብ ጀርዲንን ጉስነትን ከሕልፍ ኢዩ ተገዲዱ።

ተኽሊት ካብ ግዜ ህጻንነቱ ጀሚሩ መሃንድስ ናይ ምኺን ሕልሚ ከም ዝነበሮ'ዩ ዝገልጽ። ነዚ ዘራጉድ ክልተ ፍጻሜታት ናይ እዋን ንእስነቱ ከኣ ይዝክር። ኣብ ጀርዲኖም እንከሎ ሞተረ ጨንጓዒት ማይ ትበላሸዎም'ሞ፡ እቲ ንሞተረኦም ከዐሪ ዝመጸ መካኒክ ነታ ሞተረ ብምልኣ ፋሕ-ብትን ብምባል ነቲ ናውታ ኣብ ባይታ ኣንጺፉዎ ኣብ ዝነበረ ጨርቂ ብምንባር፡ ደጊሙ ከምታ ዝነበረታ ገይሩ ኣስተኻኺሉን ኣዕርዩን ንስራሕ ድልውቲ ይገብራ ምንባሩ ይዝክር። 'እዋእ እዚ ዓራዩ ሞተረ ማይ ነቲ ደቀቕቲ ናውቲ ናይታ ሞተረ ከመይ ገይሩ ይፈልጦ ኣሎ፧ ኣይተሓዋወሶን ዲዩ'ኸ፧' ዝብል ሓሳባት ኣብ ኣእምርኡ ከሰላስል ትዝ ይብሎ። ምዕዛብ ምጽጋን ሞተረ ጀርዲኖም፡ እቲ ብልጭልጭ ዝብል ናውታን ምስኣ ተኣሳሲሮም ዝለዓሉ ዝነበሩ ሕቶታትን ገለ ካብቲ ዘሕጉሶ ዝኸሪ ፈጻሜታት ንእስነቱ ምኺኑ ተኽሊት ይጠቅስ። 'እቲ ካልኣይ ፍጻሜ ከኣ' ይብል ንሱ፡ ሓደ መዓልቲ ኣብ ግራት እንከለዉ ብዛዕባ'ታ ሰማይ ሰማይ ብዘይ ዝኾነ ደገፍ እትበርር ነፋሪት ንኣቦኡ ብምግራም ክሓቶ ይዝክር። 'ኣነ ክመሃር እደሊ'የ፡ ምኽንያቱ ነፈርቲ ከም ርግቢት ወይ ሊላ ብዘይ ዝኾነ ምንቅስቓስ ናይ ኣኽናፈን ብኸመይ ከምዝነፍራ ክፈልጥ ስለዝደልይ'የ' በሎ። ኣቦኡ ናብኡ ብፍሽኽታ እናጠመተን ብግርህናን 'ብዛዕባ'ዚ ዝተማህሩ ወይ መሃንድሳት ጥራይ ኢዮም ዝፈልጡ' በሎ። ተኽሊት ከምዚ ክብል ይቕጽል፡ 'ብኡ ከኣ ናይ ትምህርቲ ሕቶ ኣብ ርእሰይ ሓደረ። እዚን ወዲ-ከምዝን ደኾን መሃንድስ ናይ ምኺን ሕልሚ ኣሕዲሩለይ

ይኸውን፧’ ክኣ ይብል እቲ ካብ ግዜ ንእስነቱ ብዙሕ ሕቶታት ዓለምና ንኽምልስ ባህጊ ኣሕዲሩ ዝተበገሰ ተኽሊት።

ኣብቲ ከባቢ ዓዱ ኲናት ተወሊዑ ስለዝነበረ፡ ኣብ ቀረባኡ ማለት ኣብ ከባቢ 5 ኪሎ ሜትር ርሒቓ ብሚሰናውያን ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን እትካየድ ዝነበረት ቤት ትምህርቲ ማይዕዳጋ ተዓጺያ ነበረት። ፍልጠት ናይ ምቕሳም ክቱር ድልየትን ህንጡይነትን ሓዲርዎ ከኣ፡ ንኣቦኡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምስ ዝነብሩ ሓወብኡ ትምህርቲ ንኽምህሮ ሓተቶ። እቲ ሕቶ ንኣቦኡ ናጤባ'ዩ ነይሩ። ‘ምኽንያቱ’ ይብል ተኽሊት ‘ምዕባይ ሓወይ ሽው ንገድሊ ከይዱ ነይሩ። እቲ ቦኽሪ ገዛና ከኣ ኣቐዲሙ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዱ'ዩ። ኣነ ገዲፈዮ እንተኸይደ ከኣ ሓጋዚ የብሉን ማለት'ዩ። ስለዚ “ንኣስመራ ክኸይድ'የ” ምስ በልክዎ ሰንቢዱ'ዩ’ ይብል።  ስለዝኾነ ከኣ፡ ኣቡኡ ንተኽሊት ንኽሰዶ ርግጸኛ ኣይነበረን - ኣብ መዓልታዊ ናብራ ዓኺይ ከምጽኦ ዝኽእል ጽልዋ ይርድኦ ስለዝነበረ። እዚ ጉዳይ ግን ንተኽሊት ኣየደቀሶን። ሓደ ዓመት ጸኒሑ ከኣ ነታ ሕቶ ደገመሉ። ተኽሊት፡ ***ናይ ኣዴታትና ብልሓት፡ ኩሉ ግዜ ተሸፊኑ'ዩ ዝሕለፍ። ሽው ኣደይ ንኣቦይ፡ “ነዚ ቈልዓ ካብ ድሌቱ ከተባኹሮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ትምኒቱን ሃረርትኡን ንኽገብር ክትሰዶ ኣለካ!” ኢላቶ። ሳላኣ ከኣ'የ ናብ ኣስመራ ከይደ*** ይብል ተኽሊት ንውዕለት ኣዲኡ እንዳመስገነ። በዚ ከኣ ሓደ ዓመት ደንጉዩ ናብ ኣስመራ ብምኻድ ትምህርቱ  ክከታተል ጀመረ - ኣብ መበል 11 ዓመቱ።

ተኽሊት ነቲ ኩነታት ናይቲ እዋን ክዝክሮ ከሎ፡ ‘ህይወት ኣስመራ ኣዝዩ ጽንኩር'ዩ ነይሩ’ ይብል። ወተሃደራት ደርግ፡ ካብ ዓዱ ክሳብ ኣስመራ ኣብ ዘሎ መንገዲ ኣርባዕተ ናይ ተፍትሽ ቦታታት (ኬላታት) ዘርጊሖም ነበሩ። እቲ እዋን - እዋን ውግእን ወረ-ውግእን ስለዝነበረ ካብ ዓዱ ናብ ኣስመራ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ኣይነበረን። በዚ ከኣ ኣብ ዓመት 6 ግዜ (ዓመተ-ትምህርቲ ኣብ ዝዕጸወሉን ኣብ መንፍቕ ዓመት ንዕረፍቲ ዝወጸሉን) ብእግሩ ንኣስታት 50 ኪሎ ሜትር ይጓዓዝ ከምዝነበረን ኣብ መንገዱ ብሰንኪ'ቲ ዝነበረ ኲናት፡ ስጋ ሰብ ምብላዕ ብዝለመዱ ኣኽላባት፡ ዕስለ ወኺሩን ኣትማንን ሓደጋታት የንጸላልዎ ከም ዝነበረ ይዝክር። ንሱ ‘ኣብቲ ግዜ ንበይንኻ ንኽንድዚ ዝኣክል ርሕቕት ክትጎዓዝ ናይ ቁልዕነት ወይ ዕሽነት ክትብሎ እትኽእል እምበር፡ ሕጂ ክርእዮ ከለኹ ናይ ብሓቂ ዝገርም'ዩ ነይሩ’ ይብል።

እቲ ተሓሪሙዎ ዝነበረ ዕድል ትምህርቲ ምርካቡ ግን ኣዝዩ ዓቢ ነገር'ዩ ነይሩ። እንተኾነ፡ ንተኽሊት ካብ መዛኑኡ ትምህርቲ መባእታ ደረጃ ደንጒዩ ስለዝጀመረ፡ 'ዳርጋ ምስ ፍርቂ ናይ ዕድመይ ዘለዎም ቈልዑ'የ ኮፍ ኢለ ዝመሃር ዝነበርኩ' ይብል። ይኹን እምበር፡ 'ዕድመ ጸጊበ ስለዝኣተኹን ከቱር ድሌት ትምህርትን ጽምኣት ፍልጠትን ስለዝነበረንን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍለ-ዓመት ሓደ ክፍሊ እንዳዘለልኩ ኣብ ዉሽጢ ሰለሰተ ዓመት ምስ መዛኖይ ክመሃር በቓዕኩ' ብምባል ይውስኽ። ብሓፈሽኡ ንናብራ ጉስነት ብጽቡቕ'ዩ ዝዝክሮ ተኽሊት - ንሱ 'ምናልባት ዶኾን ናብራ ጉስነት ምስ ምክልኻል እተን ኣሓ ካብ ኣራዊት፡ ን0ኣን ዝኸውን ዝብላዕ ኣብ ምድላይ ዝኣመሰለ ነገራት፡ ጸገማት ኣብ ምልላይን ኣፈታትሕኡ፡ ተበላሓቲ ንኽኸውን ሓጊዙኒ'ዶ ይኸውን፧' ይብል።

ኣብ ንኡስ ዕድመኡ ማለት ሻድሻይ ክፍሊ ምስ በጽሐ ናብ ኣዲስ ኣበባ ተጓዕዘ - ኣብቲ ብሓዉ ዝዉነን ቤት ዕዮ ሓጺን (ቶርንዮ) ብግዜ ቀትሪ እናሰርሐ ናይ ምሸታዊ ትምህርቱ ይከታተል ነበረ። ኣብ ሓፈሻዊ መልቐቒ መርመራ ናይ 6ይን 8ይን ክፍልታት ኣዝዩ ልዑል ነጥቢ ኣመዝገበ። ኣብ ሓጺር እዋን ማለት 2 ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ንኹሉ መሳርሒታት'ቲ ትካል መለኾ፡ ኣዝዩ ልዑል ዝኾነ መሃያ እውን ክኽፈል ከኣለ። ግን ከኣ ትምህርቲ ምህንድስና ናይ ምምሃር ሕልሚ ስለዝነበሮ ሕጉስ ኣይነበረን። ነቲ ዘየግሃዶ ሕልሚ ንኽበጽሖ ከኣ ወትሩ ይሓልም ነበረ።

ኣብ ግዜ ደርጊ ምኻኑ'ዩ - ተኽሊት 18 ዓመት ደፊኑ ነይሩ - ናይ 'ብሄራዊ ኣገልግሎት' ማለት ናብ ውትህድርና ንኽዘምት 2 ወይ 3 ግዜ ጻውዒት መጾ። እዚ ኣደንጻዊ ዜና'ዩ ነይሩ ንተኽሊት፡ ምኽንያቱ መሃንድስ ናይ ምኻን ሕልሙ ክኾልፎ ስለዝኾነን ኣንጻር እቶም ንሓርነት ኤርትራ ዝቃለሱ ዘለዉ ኤርትራዉያን -ንምዕባይ ሓዉ ሓዊስካ - ብረት ከልዕልን ስለዝኾነ ብፍጹም ኣይተቐበሎን። ካብዚ ግዱድ ዕስክርና ንኽምልጥ ከኣ ኣብ 1988 ብዘይ ዝኾነ እኹል ሓበሬታ ናብ ኬንያ ኣተወ። ንፈለማ ግዜ ካብ ስድራቤቱን ኣዝማዱን ርሒቑ ዝጀመሮ ጉዕዞ ህይወት ክዝክር ከሎ ከኣ 'ኬንያ ናይ ብሓቂ ስደት'ዩ ነይሩ' ይብል። ኣብኡ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ግዜ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ከምቲ ብዙሕ ሰብ ዝገብሮ ጉዕዞ ካብ ኣፍሪቃ ናብ ኤውሮጳ ተተሓሓዞ። ብትምዩን ፓስፖርት ከኣ ናብ ሽወደን ኣተወ፡ እንተኾነ ግን ናይ ዑቑባ ሕትኡ ተነጸገ። ንሱ 'ኣብቲ እዋን ካብ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ሽወደን ሓገዝ እንተዘይረከብ ነይረ

ምናልባት ኣብቲ ዘስካሕክሕ ኣብያተ-ማእሰርቲ ኬንያ ምበለኹ  ነይረ’ ይበል። ብሓገዝ ናታቶም ከኣ ናብ ኖርወይ ኣምርሐ። እንተኾነ፡ እቲ ዓዲ ጽምዋ ዝበዝሖ፡ ዓሌታውነት ዝንጸባረቐሉን ሕልምታት ትምህርቱ ኣብ ሓጺር ግዜ ከግህደሉ ከምዘይክእልን ምስ ፈለጠ፡ ካብኡ ተበጊሱ ከኣ ናብ ከተማ  ለንደን- ዓዲ እንግሊዝ ኣተወ።

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ምስኣተኻ እቲ ዝጸንሓካ ኩነታትን ዕድላትን ምስ ትጽቢታትካ ይሳነ ድዩ ኣይሳነን ካብ ሓደ ስደተኛ ናብ ካልእ ስደተኛ ይፈላለይ’ዩ። ንሱ ከኣ ኣብ ባህልን ልምድን’ቲ ሕብረተሰብ ምልማድ፡ ቋንቋ ምምላኽን ንዘጓኑፉኻ ጸገማት ናይ ምፍታሕ ክእለትካን ዝምርኮስ ስለዝኾነ’ዩ። ህይወት ተኽሊት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከመይ ቀጸለ፧ መሃንድስ ናይ ምኧን ሕልሙ’ኸ ብኸመይ መንገዲ ናብ ክዉን ይቕየር፧

ተኽሊት ወትሩ ካብ ጽዑቕ ትምህርትን ስራሕን ክፍለ ከምዘይክእል ኣሚኑ’ዩ። ሽቅለት ከናዲ’ውን ነይርዎ’ዩ - ንመዓልታዊ መነባብርኡን ነቶም ኣብ ዓዲ ዝገደፎም ስድራ ክሕግዝ ስለዝነበሮን - በቲ ሓደ ወገን ከኣ መሃንድስ ናይ ምኧን ሕልሙ ከግህድ ከምዘለዎ ወትሩ ምስ ተረድኦ’ዩ ነይሩ።

ኣብ ዝኾነ ሃገር ምስኣተኻ፡ እቲ ኣብኡ ዝጸንሓካ ኩነተ-መንብሮ *(ከም ‘ብሩኻት ዓዲ፡ ኮፍ ኣቢሎም ዘብሉዑኻ’)* ወሳኒ ኢዩ። ምኽሪ ናይቶም ኣብኡ ዝጸንሑኻ ሰባት ብጽቡቕ ወይ ብሕማቕ ክጸልወካ ዝኽእል’ኳ እንተኾነ ከመይ ጌርካ ናብ ረብሓኻ ተውዕሎ ክትሓስብ ይግባእ። ተኽሊት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመታት ናይ ኮለጅን ዩኒቨርሲቲ ትምህርቱን ከከታተል በቒዑ’ዩ። ንሱ፡ ‘ኣብ ሓጺር ግዜ ከም ትጽቢተይ’ኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብ 1996 ብዲግሪ ናይ መካኒካዊ ምህንድስና (Mechanical Engineering) ካብ ዩኒቨርሲቲ ክምረቕ ክኢለ’የ። ኣብዚ’ውን ደው ኣይበልኩን - ብንድፊ መሳርሒታት (Product Design) ናይ ድሕረ-ምረቓ ዲግሪ’ውን ካብ ኣብ ለንደን ዝርከብ ሳውዝ ባንክ ዝበሃል ዩኒቨርሲቲ ተመሪቐ’የ። እንተኾነ ናብዚ ዘለኽዎ ደረጃ ንምብጻሕ ዘይሰራሕክዎ ስራሕ ኣይነበረን - ህይወት ኣብ ልሙጽ ጎልጎል እትጓዓዝ ስለዘይኮነ። እንታይ ድኣ፡ ወትሩ ክትቃለስ ከምዘለካ ዘዘኻኽረካ’ዩ’ ይብል። ኣብቲ ናይ ፈለማ ዕስራታት ዕድሚኡ ባህርያት ዓርከ-መሓዛ ከምዘየስድዮ ከኣ ይዛረብ። ንኣብነት፥ መጀመርታ ኣብ እንዳ ዱኳን፡

ድሕሪ ምዝዛም ትምህርቱ ከኣ ቅልውላው ሽቕለት ኣልቦነት ኣብ እንግሊዝ ተኸሲቱ ስለዝነበረ ኣብ ስራሕ ምምራሕ ታክሲ ከም ዝተጸምደ፡ ንመዓልታዊ ናብራኡ ክመርሕ ክሕግዞ ዝኽእል ዝኾነ ስራሕ ይሰርሕ ከምዝነበረን፡ እንተኾነ ነቲ ሕልሙ ከግህድ ስራሕ ታክሲ ደው ከብልን ኩሉ ዘለዎ ትሕዝቶ ማለት ክሳብ 40 ሽሕ ፓውንድ ዝኣክል ገንዘብ ናብቲ ናይ ፈጠራ ስራሕ ከውዕልን ከምዝወሰነ'ዩ ዝዛረብ - ተኽሊት። 'ኣብ ምህዞኣዊ ስራሕ ተጸሚደ ስለዝነበርኩ ሓዳር ክምስርት ኣይከኣልኩን' ብምባል ከኣ ይውስኽ።




*ስእሊ፡ እታ ዝተማህዘት መሳርሒት QUADSAW*

ንድራኸ ወይ ምንጪ ሓሳብ ናይ ምህዝኡ ክገልጽ ከሎ ተኽሊት ከምዚ ይብል። 'እዋኑ ኣብ መወዳእታ ተስዓታት'ዩ - ኣብ ሓደ ክሽነ እቲ መሳርሕቱ ንሶኬት ናይ ኤለክትሪክ ዝኸውን ሳንዱቕ ጉድጓድ ንክኹዕት ክጋደል ከሎ ተኽሊት ይዕዘብ ነበረ። እቲ ብጻዩ፡ ነቲ ሶኬት ንምግጣም ዘገልግል ቦታ ክዕቅኖንን ድልው ንኽገብሮን ብዙሕ ግዜን ጉልበትን ኣጥፊኡ። ኣብ ሓንጎል ተኽሊት ከኣ 'ንምንታይ'ዩ ክንዲዚ ሃለኽለኽ ዝብል ዘሎ፤ ብዝቐለለን ብዝሓጸረን መንገዲ ክገብሮ ኣይካኣልን'ዶ ኾይኑ፧' ዝብል ሓሳባት ወረሶ። ንብጻዩ ከኣ 'ንምንታይ ኢኻ ብትኽክል ርቡዕ ኩርናዕ ቀዲዳ ድሉው እትገብር መሳርሒት ዘይትጥቀም፧' ክብል ሓተቶ። እቲ ብጻዩ ከም ሓደ ካብ ካልእ ዓለም ዝመጸ ሰብ ንተኽሊት

ቀው ኢሉ ድሕሪ ምጥማት፡ ‘እንተድኣ ከምታ ትብላ ዘለኻ መሳርሒት ኣምጺእካለይ ዕጽፊ ገይረ ክኸፍለካ’የ’ ብምባል ተዋዘየሉ። ከምዚኣ ዓይነት መሳርሒት ከሳብ’ቲ እዋን’ቲ ብዘይምጽንሓ ንተኽሊት ደንጸዎ። ገለ ነገር ክገብር ከምዘለዎ ከኣ ምስ ነብሱ ቃል ኣተወ።

ምስ እዚ ኩሉ ምዕባለታትን ተክኖሎጂ በጺሕዎ ዝነበረ ጥርዝን እዛ እንነብረላ ዓለም ከኣ፡ ከምዚኣ ዝበለት መሳርሒት ብዘይምህላዋ ኣተሓሳሰቦ። እታ እትበሃል ዘላ መሳርሒት ‘ኣብ ገለ ቦታ ትህሉ’ዶ ትኸውን፧’ ብምባል ግን ብዙሕ ዳህሳስ ኣካየደ - ዋላ’ዉን ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምዝጋብ መሰል ምህዞ ብምኻድ። ንሳቶም’ውን እታ ዝጠቕሳ ዘሎ ዓይነት መሳርሒት ክሳብ’ቲ እዋን ብስም ዝኾነ ሰብ ከም ዘይተመዝገበት ኣረጋገጹሉ። እዚ ዓቢ ድርኪት ንፈጠራዊ ስርሑ’ዩ ኮይኑዎ - ብዛዕባ ክህሉ ዝኽእል ተኽእሎታት ከኣ ብዘይ ዕረፍቲ ምሕሳብን ምስትንታንን ቀጸሎ።

ሓደ እዋን’ዩ - ከምቲ ልሙድ ኣብ ሓንቲ ካብ ኣብ ከተማ ለንደን ዝረከባ ኣብያተ- ቁርሲ ኮስታ ከሎ፡ መፍትሒ ናይቲ ዝበሃል ዘሎ ግድል ብልጭ በሎ። ‘ኣሃ!!’ ዝብል ድምጺ ከኣ ኣውጸአ። ብኡ ንብኡ ከኣ ሓሳባቱን መሃንድሳዊ ንድፊ ናይታ መሳርሒት ክስፍር ጀመረ። ነታ ዝተለመደት እናኾለለት እትፍርፍዕ መሳርሒት ከመይ ገይሩ ኣብ ሓደ እዋን ብኣርባተ- መጋዝ ናብ እትዓይይ መሳርሒት ክልውጣ ከም ዘለዎ ክሓስብ ጀመረ። ኣብዛ ምድሪ፡ ነቲ ማንም ሰብ ዘይሰርሖን ዘይመሃዞን ህያው ክገብር ሓርኮትኮቱ ከኣ ቀጸለ። እዚ ሓሳብ ከመይ ገይሩ ኣቕዲሙ ዘይመጸሉ ከኣ ደንጸዎ።

ሓሳባቱን ፈጠራኡን ምስ ብዙሕ ጻዕርን ግዜን እናማዕበለ ከደ። ብተክኒካዊ መንገዲ ከኣ ሕልሙ ክጭብጥ ከኣለ። እንተኾነ ሕጂ’ውን ካልኦት ሕቶታት ተላዕሉ - ብኸመይ’ዩ መሰል ዋንነት ምህዞ ክረክብ ዘለዎ፡ ናብቲ ሰፊሕ ዕዳጋ ብኸመይ’ዩ ከውዕላ፡ መን’ዩኸ ሓላፍነት ክወስድ፡ ወዘተ ...

እዛ ተማሂዛ ዘላ መሳርሒት ህንጻ፡ ብመጠን ቅልጣፈ ናይ 2,000 rpm (ሓጺናዊ ኹዳ ኣብ ደቒቕ) ኣብ 5 ካልኢታት ነቲ ዝድለ ሳንዱቕ ሶኬት ክትበስዕ እትኽእል መሳርሒት’ያ። እዛ መሳርሒት፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ሓደ ዓመት 16 ሚልዮን ሰዓታት ስራሕን ኣስታት 300 ሚልዮን

ፓዉንድን ካብ ብኸነት ከተድሕን ትጽቢት ይግበረላ። ተኽሊት፡ ነዛ ንፕላስተር ቦርድ (ብጀሶን ወረቐትን ወይ ፋይበር ዝስራሕ) እትኹዕት መሳርሒት ኣብ ጣውላ፡ ካይላ፡ ጥርሙዝን ሕጡብን ንኽትሰርሕ ተወሳኺ መጽናዕቲ እናገበረ ከም ዝርከብ ምስቲ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝሕተም ኣዝዩ ስሙይ ዝኾነ ጋዜጣ ፋይናንሻል ታይምስ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት ይሕብር።

ኣብዚ እዋን እታ ተኽሊት ዝመሃዛ ኳድሳው (QUADSAW) መሳርሒት ናብ ዕዳጋ ወሪዳ ኣዝዩ ኣዕጋቢ ውጽኢት ተመዝግብ ኣላ። ክሳብ እዚ እዋን ንጠለባት ዓደግቲ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ምብጻሕ ጸኒሓ ኢያ። ኣብ ዕዳጋታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ’ውን ተዘርጊሓ ኣላ’ያ። እንተኾነ ነቲ ካብ ምሉእ ዓለም ዝመጽእ ዘሎ ጠለባት ንምዕጋብ ኣብ ስራሕ ተጸሚዶም ከምዘለው ኢዩ ተኽሊት ዝገልጽ።




ተኽሊት ንዝሓደሮ ሕልምታትን ዝወጠኖ ዕላማታትን ጋህዲ ንኽገብር ኣዝዩ ብዙሕ ግዜ ኢዩ ወሲዱሉ - ካልእ ይትረፍስ ነታ መሳርሒት ካብ ዝምህዛ ክሳብ ናብ ዕዳጋ ዝወዓለትሉ ግዜ’ዉን ቀሊል ኣይነበርን። ተስፋ ዘይምቑርጽ ግን ወትሩ መሪሕ ህይወቱ’ዩ ኮይኑ ጸኒሑን ዘሎን።

ኣብዚ እዋን ተኽሊት ወናኒ ናይቲ ብሽርካ ዝቖመ QUADSAW ዝበሃል ትካል ኮይኑ ኣብዚ ሓጺር እዋን ብኻልእ ተመሳሳሊ ምህዞ ክመጽእ ምዃኑ’ዩ ዝሕብር።

ተስዓታት ዕድመ ገይሮም ዘለዉ ኣቦ ተኽሊት - ኣቶ ስብሃቱ፡ ብወዶም ኣዝዮም ሕቡን ኢዮም - ስራሓት ወዶም ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስርኣዩ ከኣ ከምዚ ኢዮም ኢሎም፡ ‘ርኣይዎ ነዚ ምህዞ ዝሰርሐ’ኳ ወደይ ኢዩ!’። ኣቦይ ስብሃቱ ንኣበርክቶ ወዶም ገሊጾም ኣይጸግብዎን ከኣ።

**መንእሰያት ካብዚ እንታይ ክመሃሩ ይኽእሉ፤**

ምስጢር ዓወት ተኽሊት ኣብዘን ዝስዕባ ቀንዲ ነጥብታት ክጽሞቓ ይኽእላ፥

- ፈለማ ብህይወት ምንባርካ ከም ዓቢ ጸጋ ምውሳድ፡
- ንጉዕዞኻ ተስፋ ሰኒቕካ ምኺድ፡
- ናይ ነዊሕ ግዜ ዕላማኻ ምፍላጥን ናብኡ ንኽትበጽሕ ርእሰ-ምትእምማንካ ከድርዑ ዝሕግዙ ነገራት ምውዳድን፡
- ኣብ ህይወትካ ነቲ ዝለዓለ ነገር ክትበጽሕ ምሕላን፡
- ምስ ሰባት ዘለካ ዝምድናታትን ርክባት ምድንፋዕን ዝብሉ’ዮም።

እዞም ኣብዚ እዋን ዝስደዱ ዘለው ብዕድመ ንእስ ዝበሉ መንእሰያት ከኣ፡ እቲ ዝሓለፍዎ ጉዕዞ ስደት፡ ኣዝዩ ዝበርተዐ ምኺኑ ክርድኦም ከምዘለዎ ብምዝኽኻር፡ ተኽሊት ‘ኣብ ኤውሮጳ ምስበጽሑ ሕቶኦም ናይ ሞትን ሕየትን ዘይኮነ፡ ናይ ምምዕባልን ዘይምምዕባልን’ ምኺኑ ከስተውዕልሉ ኣዘኻኺሩ። ኤርትራውያን ኣብ ዝሃለው ሃሊዮም፡ ክንዮ ብውልቂ ምስራሕ ንዘለዎም ክእለትን ጸጋታትን ኣወሃሂዶም ኣድማዒ ስራሕ ክሰርሑ ከኣ ጸቒጡ ኣተሓሳሲቡ - ‘ምኽንያቱ’ ይብል ንሱ፡ ‘ሓንቲ ኢድ በይና ስለዘይተጣቕዕ’። ኣብ መወዳእታ ተኽሊት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ምህዞ ድልዱል ሰረት ከምዘለዎን ሕጂ’ውን ኣብ ብዙሕ ኩርናዓት ዓለም ዘለው ኤርትራውያን ፍሉይ ዝኾነ ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዘለውን፡ እንተኾነ ግን ንመንእሰያት መእንታን ብኣወንታ ክጸልው መድረኻት ክፍጠር ተላብዩ።

ብሓፈሻኡ መሃንድስ ተኽሊት፡ ሰባት ኣብ ህይወቶም ባህላዊ ጎንጽን ተስፋ ምቑራጽን ክስምዖም ዝኽእል’ኳ እንተኾነ፡ ብዕላማን ትዕግስትን ነቲ ዝሓልምዎ ሞያ ንኽረኽቡ ክጽዕሩ፡ ኣብ ጉዕዞኦም ብዘጋጥሞም

ጎንጽታትን ብድሆታትን ተስፋ ከይቖርጹን ኣብ ከባቢኦም ንዘሎ ዕድላት ከለልዩን ይምዕድ። ስለዚ ካብ ታሪኽ ተኽሊት እቲ ዝዓበየ እንመሃሮ ክህሉ ይኽእል። ባህጊ ልብኻ ኣለሊካ እንተተጓዒዝካን ኣብ መንገድኻ ዘጋጥሙ ብድሆታት ከይተሰናበድካን ከይተሓለልካን ብትኹረት እንተሰሪሕካን፡ ኣብ ዓወት ከም እትበጽሕ'ዩ። ብተስፋ ሕልምኻ ክውን ክትገብር ምጽዓር ከኣ ሓባሪ ኣንፈት መንገዲ ዓወት'ዩ።

## ምንጪ መወከሲ ሓበሬታት


ሓጺር ቃለ-መሕትት ምስ ተኽሊት ስብሃቱ፡ 17 ጥቅምቲ 2020 - ለንደን።

Alex Eliseev (2019). *FEATURE: The decades-long story behind the tool that easily cuts the perfect socket hole*. *Imeche.org.*

Billion Temesghen (2016). Interview with Eritrean inventor Michael Sebhatu *Madote.*

Jonathan Margolis (2016). Eritrean engineer punches hole in building costs with Quadsaw *Financial Times.*

Professional Builder (2017).
https://probuildermag.co.uk/features/the-story-of-quadsaw


ምንጪ ኣሳእል፡ *Quadsaw Professional Engineering*

*ኣብ ገለ ገለ ጽሑፋት፡ ሚኪኤለ ስብሃቱ ዝብል ምስ እትረኽቡ ንስራሓት ተኽሊት ዝገልጽ ምኳኑ እሕብር።*

## ብዛዕባ ጸሓፊ




በረኸት ጸጋይ ብልምዓታዊ መጽናዕትታት (Development Studies) ካብ SOAS ለንደን ዩኒቨርሲቲ ናይ ዶክትሬት መዓርግ ዝረኸበ ክኸውን ከሎ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ከተማ ለንደን ምስ ዝርከብ PENHA ዝበሃል ዘይመንግስታዊ ትካል ይሰርሕ። ንበረኸት በዚ ዝስዕብ ኢመይላት ምውካስ ይከኣል፡፡ bere.tsegay@gmail.com ወይ b.tsegay@penhanetwork.org ታሕሳስ 2020።